ዓብዱልራሕማን – ዩኑስ
ንትሕኛ ደዩ ወይስ ሕበስ?
ፍሊይቲ ሕታም

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፈለግ)
ሚላኖ–ኢጣልያ
15/01/2013

ንክዕበት ማዮ (ማዳልያ) ዝሰርዕዋ ሸፋቱ ኤርትራ ኣብ ዓለም ንምፍላጡ ዝደንጎየና ገስረጥ ወጥናት በብግዜኡ ከም ፈደል ትምህርቲ የስምዑና ምህላዎም ኩሉ ተግባራቶም ምስ እንዝክር ልዕሊ ምግራም ማስተንክር ዘብል እዩ፡፡

ንሕና ደኣ!!!
ይኣክል! በ......ሰ.....ምባል ተሃዚብና ደዊና እምባር ደርሆ ሞታ ዘይተርፍ ምስ ተኸስተነት ፍርፍር ክትብል ማንደቕ ጻየቕት እሞ ንኺይተርስሓካ ዕበጣ ቀልጢፍካ ዝብል ምኽሪ ኣቦታት፡ እዞም ማኣምቫ ቅጥዒ ኣልቦ ስርርዕ ሸፋቱ ብዓለም ምሉእ እተለከቱ ብድሕሪ ሕጂ ንጥር ጽብቕ ከሰምዑና ክርእዩና እዮም ዝብል ሓሳብ ወይ ትጽቢት ክህልው ዕዉር ንዓይኒ ዘለዎ ማንገዲ ከርሕው ምጽባይን ምትምናይን እዩ፡፡

እዚ ሜኣሰርቲ!!!
ኣያና ዓቢይ ሓውና **ዓብዱልራሕማን ዩኑስ፡** ኣቦኡ ንልሳነ ሓሶት እንጎደጓዱ ክዕበት ስርርዕ ሸፋቱ ህግደፍ ኣነ **ከም ሰብ ማጠን ብኣካል ዝፈልጦ ዳርጋ ሰሳ ዓመት እዩ፡** ጌና እቲ ክዑብ ወዱ ማጣቕ ሸንቲ ዓሊ ከይተወለደ እሞ ኣሸንኳይዶ ኣብዚ ልዑል ዕድሜኡ ከባቢ 80 ሰማንያታት? ንሕና **ንኣሸቱ** ንሱ ዓቢይ ኮይኑ ክምህ ዘይብሎ ደፋርን ጽኑዕን **ምስ ዐሱባት ሜሕበር ኣንደነት ዝጸፋዕን** ምንባሩ ህልዋን እንፈልጦ **ዕባይ ኣስሜራ** ብሓበን እንገልጾ ሰብ እዩ፡፡

ከም እትዝክርዎ!!!
እቲ ብ2001 ኣብ ማንጎ ሜሕነት ህግደፍ (ብጂ–15 ዝዝከር) ዝተኣታተወ ቅልወላው ምስ ማዝንኡን ኣያታቱን ብዓል **ነፍስሄር ቀኘዝማቹ ሱናባራ** ንዑ ደቅና ንዑ ኣሕዋትና **ብሓደ ክርቲትኩም** ብሓደ ናብዛ ንዓመታት ዝተሃንቀወናያ **ልዑላወነት በጺሕኩም** ሕጂ ከትሰሓሓቡ ንማን ከተዔዝቡ ከምቲ ኣብ ዘማ ገደሲ ናጽነት እሂን ሜህን ተበሃሂልኩም ተረዳዲእኩም ንዚጋጠም ኩነታት ሰጊርኩም ዝፈታሕኩማ ሕጂ እወን ተላዚብኩም እቲ ዘጋጫሙኩም ፍትሕዊ ስለዝበሉ ከም እተኣሰሩ ዝርሳዕ ኣይኮነን፡፡

ካብቲ እዋን እቲ፡
ማን እዮም ሸፋቱ ህግደፍ ማን ሰላምን ምርድዳእን እንተተረኸቦ ይዕንቀፍ ንኸልና ክርደኣና እዩ ዝግባእ ነይሩ፡፡

ተረዲኡና ንብል እንተኸኣና!!
ስለምንታይ ክሳዕ ሕጂ ንምሕምታሎም ዘየስሚርና
ንህዝብና ተስፉ ነቖርጾ ወድብ ዕቁብ እናበልና?

እዚ ኣብ ልዕሊ ኣያና **ዓብዱልራሕማን ዩኑስ** ዝተፈጸመ ሳልሳይ ራብዓይ ግፍዒ እቲ ወጥኑ እዚ ዝስዕብ እዩ፡፡

ጀንዳ ሸፋቱ ኤርትራ ከምቲ ክይሓነኹ ህዝባዊ ግንባር ኣእዳው ነዊሕ እዩ፡ ከምኡ እወን ደርሆ ኣንዊሕካ እንተኣሰርካያ ዝፈታሕካያ ይማስላ፡ ንሕና እንደልዮም ምስጢር ንኽንረኽቦ ክሳዕ ኣንስቲ

ሓዳር ከይተረፈ ኣማዚርና ኽንረክብ ንኽእል ኢና ወዘተ... ወዘተ.... ጽያፈታት ዝምካሓሉ ኣብ ከብዲ ሰባት ከም ሜዩ ዝዓብለለ ጀሮቓሮቓ (ፍርሂ) ዘእትወሉ እንታይ ተኣማሚኑ ወይ እንታይ ዓሊሙ ክንሚራሚሉ ካብ ዝግባእ፡

1. **ኣብ ዕንክሊል ዝነበሩ ሃዲምና ራዕሪዕና ዝብሉ ስለምንታይ በጨቓ ዘይብሉ**
2. **ሕጂ ባዕሉ ማኪሩዎ ዘሎ ፍሽለት ከም ምህባሌ ክሕሰዎ እንከሎ ስለምንታይ የጣቓዕሉ?**
3. **ኣብ ፍቓዶ ሃገራት ንሶም ወይ ቤተሰቦም ብዕቓባ ክነብሩ ንሰድራቤታትና ብመቑሕ ክኣሰሩ ንሕና ትምሕትም እንብሎ ስለምንታይ?**
4. **ንመሻሚኙ ዘሎ ኣጉዶኡ ምፍራስ ስለምንታይ ንግሆ ንግሆ ወድብ ዕቁብ ፈጢርና ሰሚርና ተፈንጢሕና ታቱላታት ንዝምሪሉ?**

ሀ/ ካብ ማንታኡ **ማካፍን ሓጎስ** ኣትሐዝካ ተፈንጢሕና ተባቲኽና ዝብሉ እሞ ምስጠሩ ምወጻእ ከምዚ ናይ **ተባዕ ተሰፋይ ተማን** እርይ ቁጽር ኣቢሉ ዝኸሸሖ ዘሎ ክኸሸሑ ዘይሚድሲይኦም እንታይ እዩ ኢልና ምስ እንሚራሚር እታ ኣብ ምዝዛም ብረታዊ ቃልሲ ናጽነት ምስጢርና ይተዓቀብ ህዝቢ ከይፈልጦ ኣሉ ዝገነሖም ኣብ ዝኣደኖ **ምጅምባቓት** ተጠለቕዮም ምንባሮም ስለ ዝስከፉ እታ እንኮ ምርጫኦም ኣብ ክንዲ **ንሰርርዕ ሽፋቱ ህግደፍ ንኽንቃወም ዝበሉ ክዕንቅፉ** ስለ ዝሚጹ፡፡

ለ/ **ማካፍን ሓጎስ** ብተልእኾ **ጠለም ኢሳያስ ኣፈወርቂ** ከም ዝተዋፈረ ካብ 2002 ኣትሒዙ ብዙሕ ግዜን ብብዙሕ ሓባሪ ጭብጥታትን ገሊጸዮ ምንባረይ ትዝክርዎ እዩ፡፡ ሎሚ ኩሉኹም ተረዲኡኩም ፈሊጥኩሞ ምህላውኩም እወን ተረዲኡኒ ኣሎ እሞ ነዚኣ እትስዕብ ሕቶ ምስ **ንኣያና ዓብዱልራሕማን ዩኑስ** ኣጋጢሞ ዘሎ ግፍዒ ኣመጣጥንዎ **" ማካፍን ሓጎስ ንእቶም መቑርምቱ ተሞቒሖም (ተኣሲሮም) ዘለው ሜሕነታት ክጠልሞም ኢሳያስ ከኣ ብልኡኹ መዉት ናይዝጊ ክፍሉ ንሜእሰርቲ ክትልሞም ንማካፍን ክሳዕ ሮማ ኢጣልያ ኣፋኒወዎ ብኡኡ ኣቢሉ ንኣሜሪካ ከም ዝኸይድ ገይሩዎ፡፡**

መቑርምቱ ክዝንጠሉ ክእሰሩ ሰድራቤታቶም ክፈናቐሉ ክደሃሉ ሰድራቤት ማካፍን ሓጎስ ኣይተተንከፉን ኣይተለኸፉን፡፡

እዚኣስ ብኸመይ ትትርጎም?

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ምርዳእ ወዲት ኣወጻጽኣን ተልእኾን **ማካፍን ሓጎስ** ምስ ተቓለዔ፡ **ሰድራቤት ማካፉን ሓጎስ ዓዲ ሓዲጎም** ከም ዝወጹ ተገይሩ እሞ እቲ ኣወጻጽኣ! ነዊሕ ትሕዝቶ ምስጢር ከም ዘለዎ ክልና ንረዳእ፡፡

ከሜይሲ? **ከምቲ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ካብ እቲ ስርዓቱ ሽፋቱ ክሃድም ብሸነኽ ኢትዮጵያ ይኹን ሸነኽ ሱዳን ዝንከራተቶ ኣይተንከራተቱን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብላንደክሩዘር ሜኻኦም ሓሜድ ከይረገጸ ገጾም ብንፋስ ከይተሃወጸ ንካርቱም (ሱዳን) ብኣን ብኣኣን ከኣ ብናይ ኢትዮጵያ ኣየር ማገድ ንኣዲስ ኣበባ ከተፍ ኢሎም፡**

ናይዚኣ ሜልሲ ካብታ እዋን እቲኣ ክሳዕ ሕጂ ስለምንታይ እቲ ሓላፉ ኢለ ሓቲተ ኣይረኸብኩን ስለዘለኹ ክሳዕ ሜልሲ ዝረክብ ብዙሕ **ናይ የሰሜን ሃይል** ኣፍልጣይ ጥርጠራታት ዓቂበ ከምዝለኹ እናሓበርኩ ወይዘሮ ገነት ብዓልቲ ቤቱ **ንማንታ ኢሳያስ ወግዓዊ ብዓል ገበን ማካፉን ሓጎስ** እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ምህራት ኤርትራውያን ኣኼበ ተገይሩ ዝተባህለ ኣብቲ ኣኼበ ተዓዲማ ተሳቲፉን እሞ እቲ ምህሮኣን ሊቅነታን እንታይ ጥራሕ ዘይኮነ ስለምንታይን ንእንታይን እቶም ዝዓደሞዋ ክምልሽዎ ክቕሰበሉ ዘለዎም እዩ፡፡

ኢሳያስ ግን፡

ተኣምኖ ልኢኽካ እንታይ ከይሕበኣካ– ንኺይልለ ግን ሸፊን እናገበርካ ዝብል ዓላሜኡ፡ ተልእኾ **ማካፍን ሓጎስ** እናተቓለዔ ኣብ ዝኸደሉ ነቲ ፍደሐ (ምቅላዕ) ንኸሸን **ልኡኹ** እሞ ንከኸወን ኢሉ

ከም ዝሃደሙ ኣምኪሉ ተሰናቢትዎም፡ እዚ ሓቂ ኾይኑ እታ ንጸራ (ሓቂ) እንደልያ ማን ተቐቢሉዎም ስለምንታይ ተቐቢሉዎም እዩ፡፡ ሕቶይ??

እቲ ናቶም ህድማ!!
ንሓድሕደ የዋሃት ኣገሪሁዎም ይኸውን ዘይንግራህ ግን ኣሎና፡፡

ሕጂ ኸኣ!!
*እዛ ምእሳር ናይ **ኣያና ዓብዱልራሕማን ዩኑስ**፡ ብወገነይ ዝትርጉማ*

1. ***ኢሳያስ ሞይቱ ኢሉም ባዕሎም ዘወረዩዎ፡ ባዕሎም ከኣ ሓሶት ኢሎሞ ንእቲ ዝሰማዖም ሓፈሻዊ ኣንጊቖሞ፡፡***
2. ***ዓሊ ዓብዱ** (ወዱ ንኣያና ዓብዱልራሕማን ዩኑስ) ሃዲሙ ኢሉም ባዕሎም ብስልታውያን ልሳናቶም ሚርበብ ኢንተርነታት ኣቃሊሖሞ፡፡*

ነዚ ሓቂ ንምማል!!
*ጥርዞ ግፍዖምን ግዕዘይነቶምን ዝሰሓተ ተግባራቶም ኣብ ግብጺ (ካይሮ) ሕክምና ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ ንዓዱ (ንሃገሩ) ምስተመለሰ ኣብ ክንዲ እንቋዕ ድሓን መጻእካ **ስለምንታይ ትመጽእ ብዘኽድካዮ ዘይትጠፍእ** ዘስምዕ ንቤት ማእሰርቲ ኣእትዩማ እሞ፡*

ነዚ ብኸመይ ንኽትርጎም?
*ንእታ ዓሊ ዓብዱ ሃዲሙ ከም ሓቂ ከተርጉሙ ዝሓለንዎ ከም ዝኾነ ፈጺሙ ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ እንታይ ደኣ? ከምቲ!! ወዮ ደኣ ንጹር ደማቢ ተቓወም የለን ኮይኑ እምበር ብኸመይ ክሽሕካ ብኸመይ **ንዘይወዳእ ሰልትታቱ** ክተንበርክኽ ክተፈርሽኽ ኣገባባት ኣሎ እሞ፡ ኣበይን ብዓል ማንን ንፍሽለት **በዓል ማስፍን** ክትክሉ ዝተላእኩ ኣለው **ዓሊ ዓብዱ** ኸኣ ኣብ ዝሃለው ሃሊው ከማእከሎም ከም ዝተላእከ ጨብጥ ሚትዖታት ኣሎ፣ ንየዋህ ንምድንጋር ከኣ ዋጋ ህይወት **ኣያና ዓብዱልራሕማን** ይኸፍሎ ኣሎ፣፡*

ዓሊን ኣቦኡን!!!
*ኣያና **ዓብዱልራሕማን** ከም ሰጋማጠን ወላዱ ደኣ ይኹን እምበር **ካብ 2001** ንሚኣይ ፍሽኽታ እወን ተለዋዊጦም ኣይፈልጠን እዮም፡ ኣብ ማንገዲ ይትረፍ ሓደ እዋን **ዓብዱልራሕማን** ሓሚሙ ወሸላኽ ማቕ ሸንቲ **ዓሊ** ሰብ ክርእየሉ ኢሊ **ኣብ ሆስፒታል** ክበጽሖ ኺይዱ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ **ወጻእ ኪድ ያ..... ኣበይ ኣዴኻ ትፈልጠኒ ትብጽሓኒ** ኢሉ ጠፍ ከም ዝበለሉ ናይ ዓይኒ ምስክር ዝረኣዩ ኣለው፡*

እሞ!!

1. ***ዓሊ ካብቲ ስርዓት እንተሃዲሙ ኣቦይ ኣሰሮማይ ኢሉ ከምካሰ ወይ ምሕረት ክሓትት ማለት ደዩ?***
2. ***ኣያና ዓብዱልራሕማን ዩኑስ ካብ ካይሮ ንኣስሚራ ዝተመለሰሉ ድሕሪ ብዙሓት መኸናት ምህዳም ዓሊ ዓብዱ ምቕላሐን ኮይኑ፡ ምስ ወዱ ርክብ ነይሩዎ ባዕሉ ኣህዲሙ ንኸበሃል ደዩ?***

ጠለም ኢሳያስ ዘይሓፍር!!!

ንመንበሪኡ ሓሶታት ዝፍሕር- ካብ ብስምባደታት ዝብህርር ሓንሳብን መሠዳእታን ካብ ብስቓይ ዝሓርር ነብሱ ዘይፍጀር?

ሰኣነዶ ሓደ ዓርኪ ነዚኣ ዝመክር?

ኢሉ ሜላእኽተይ ብምትሕልላፍ፡

ኣያ ዓብዱልራሕማን ማዝና ኣያታተይ
ክብርኻ ዝሓለወካ- ክብሪ ኣቦታተይ
ሰላምታይ ይብጻሕካ- ካብ ርሑቕ ስደተይ
ንማእሰርትኻ- እብሎ ተሰፋ ናይ ዓወተይ

ሰናይ ቅነ